# ዲሞክራስያዊት ኤርትራ

DEMOKRASIAWIT ERITREA
OFFICIAL ORGAN OF E.L.F.R.C

ብሓልዮት ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ዝሕተም ወርሓዊ መጽሔት

ፍሉይ ሕታም 1 — 23 ጥሪ 2006


# ፍሉይ ሕታም ቍ.1

# ዓመታዊ ጸብጻብ
# ንጥፈታት ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶን

# ኣገደስቲ ተረኽቦታትን

# ዓመታዊ ጸብጻብ

## ንጥፈታት ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶን ኣገዳስቲ ተረኽቦታትን

## ብቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ እተዳለወ 23.01.2006

**31 ጥሪ 2004፡-** ኣብ ከተማ ኣስመራ፡ በዓል ሓድሽ ዓመት ንምኽባር ኣብ ገዛ መራሒኦም ተኣኪቦም ዝነበሩ 60 ዝኾኑ ሰዓብቲ ሬማ ዝኾኑ ኣመንቲ ክርስትና ኣሲሩ። ካብዚኦም 34 ደቂ ኣንስትዮ፡ 24 ደቂ ተባዕትዮ ምዃኖም ይፍለጥ። ካብዚ ቍጽሪዚ 5 ትሕቲ ዕድመ ዝኾኑ ሕጻናት ኢዮም።

**6 ጥሪ 2005፡-** ኣቦ መንበር ፈጻሚ ሽማግለ፡ ብጻይ ስዩም ዑቕባሚካኤልን፡ ሓላፊ ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን፡ ብጻይ መንግስተኣብ ኣስመሮምን ዝርከብዎ መሪሕነታዊ ልኡኽ፤ ከም መቐጸልታ ናይቲ ብ28 ሕዳር 2004 ኣብ ካርቱም ምስ ቀዳማይ ሚኒስተር ኢትዮጵያ እተበጽሐ ምርድዳእ፡ ምስ ሰበ-ስልጣን ኢትዮጵያ ንምርኻብ ኣዲስ ኣበባ ኣትዩ።

**8 ጥሪ 2005፡-** ልኡኽ ውድብና ምስ ቀዳማይ ሚኒስተር ኣቶ መለስ ዜናዊ ተራኺቡ፡ ብዛዕባ ጉዳይ ሰላምን ርግኣትን ዲሞክራስን፥ ከምኡ ውን፡ ዝምድናታት ክልቲኡ ሸነኻት ዝምልከት ዕሙቕ ዝበለ ምይይጥ ኣካይዱ።

**18-22 ጥሪ 2005፡-** ተቓወምቲ ውድባት ኤርትራ፡ ኣብ ካርቱም ኣብ ዘካየድዎ ኣኼባ ቻርተር ናይቲ ክቐውም ዘለዎ ሓድሽ ሃገራዊ ግንባር ኣጽዲቖም። ከምኡ ውን፡ እዚ ጠርናፊ ክሊዚ፡ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ተባሂሉ ክጽዋዕን፥ ማእከላይ መሪሕነትን ፈጻሚ ቤት ጽሕፈትን ክህልዎ ድማ ተሰማሚዖም። ሓንቲ ነቲ ዝተበገሐ ስምምዕ ኣጽፊፋ እተቕርብን ክሳዕ ኣኼባ ከም ኣፈኛ ናይቲ ኪዳን ኰይና እትሰርሕን ሰክረታርያ ድማ ቆይማ።

**20 ጥሪ 2005፡-** ብጻይ ስዩም ዑቕባሚካኤልን ብጻይ መንግስተኣብ ኣስመሮምን ኣብ ኣዲስ ኣበባ ኣብ ዝርከብ ቤት ጽሕፈት ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፡ ናይ ካድራት ኣኼባ ኣካይዶም። ውጽኢት ርክብ ውድብ ምስ ሰበልስጣን ኢትዮጵያ ኣብሪሆምንን፤ ከምኡ ውን፡ ሃለዋት ውድብን ኪዳንን ብዝምልከት ሰፊሕ መግለጺ ኣቕሪቦም።

**21 ጥሪ 2005፡-** ስርዓት ኣስመራ፡ ንፓስተር ኪዳነ ገብረመስቀልን፡ ንፓስተር ኣብርሃም በላይን፡ ንፓስተር ፋኑኤል ተስፋማርያምን ኣባላት ምሉእ ወንጌል ከምዝኣሰረ "ድምጺ ስውኣት" እትባህለ ኣህጉራዊ ናይ ሰብኣዊ መሰል ተጣባቒ ማሕበር ኣፍሊጡ።

**ዓሰራይ ዓመት ናይ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ጨንፈር ስያትል ጉባኤ ተኻይዱ።**

02 መጋቢት 2005፡- ብክፍሊ ዲሞክራስን ሰብኣዊ መሰላትን ዕዮን ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ንሰብኣዊ መሰላት ዝምልከት ጸብጻብ ናይ 2004 ዝወጸሉ ዕለት።

04 መጋቢት 2005፡- ዓሰርተው ኣርባዕተ ሰዓብቲ ቤተ-ክርስትያን ቃለ-ህይወት ኣብ ዓዲ ተከለዛን፡ ኣብ ገዛ ፓስተር ይስሃቅ ንጸሎት ተኣኪቦም ከለዉ፡ ብሓይልታት ጸጥታ ተወሲዶም።

19 መጋቢት 2005፡- ዞባ ጀርመን ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ 6 ሰዓታት ዝወሰደ ሰሚናር ኣብ ፍራንክፍርት ኣብ ዝርከብ ማእከል መንእሰያት ኣካይዱ።

23 መጋቢት 2005፡- መስራቲ ኣኼባ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ዝጀመረሉ ዕለት።

5 መጋቢት 2005፡- መስራቲ ኣኼባ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን እተዛዘመሉን፤ ደምዳሚ ኣዋጅ ዝወጸሉ ዕለት።

8 መጋቢት 2005፡- ኣህጉራዊ መዓልቲ ደቂ ኣንስትዮ ዓለምን ደምዳሚ መግለጺ ቀዳማይ ስሩዕ ኣኼባ ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን።

10 መጋቢት 2005፡- ኣቦ መንበር ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን፡ ሓው ሑሴን ኸሊፋ፡ ንሱዳናውያንን ኤርትራውያንን ጋዜጠኛታትን ናይ ተለቪዥን ማዕከናትን ወከልቲ ኣልጀዚራን ኣም.ቢ.ሲን ጋዜጣዊ መግለጺ ሂቡ።

15 መጋቢት 2005፡- መበል 41 ዓመት መዓልቲ ሰራዊት ሓርነትን፤ 8 መጋቢት፡ መዓልቲ ደቂ ኣንስትዮ ዓለምን ኣብ ሜዳ ብክብ ዝበለ ድምቀት ከቢሩ ውዒሉ።

15-30 መጋቢት 2005፡- ካብ 1200 ንላዕሊ ዝኾኑ ስደተኛታት ዶብ ሰጊሮም ናብ ሱዳን ኣትዮም።

16-23 መጋቢት 2005፡- ኣቦ መንበር ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ዝመርሖ፡ 4 ኣባላት ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት እተሳተፍዎ ልኡኽ፡ ኣኼባታት ኣብ ካርቱምን ገዳርፍን ከሰላን ፖርትሱዳንን መደበራት ስደተኛታት ኡምጉርጉርን ሽገራብን ኪሎ ስታ ዎ ዕሽሪንን ናይ ህዝቢ ኣኼባ ኣካይዱ።

19 መጋቢት 2005፡- ድርብ በዓል ዝኾነ መዓልቲ ሰራዊት ሓርነትን መዓልቲ ደቂ ኣንስትዮ ዓለምን ኣብ ፍራንክፈርት ኣብ ማእከል መንእሰያት ብክብ ዝበለ ድምቀት ተኸቢሩ። ብጻይ ኣሰፋው በርሀ፡ ሓላፊ ቤት ጽሕፈት ስርዒታዊ ጉዳያት፡ ኣብቲ በዓል ንፈጻሚ ሽማግለ ወኪሉ መግለጺ ሂቡ።

ብጸይቲ ትዕበ ተኪኤ ውን፣ ንዝኸሪ 8 መጋቢት፣ መዓልቲ ደቂ ኣንስትዮ ዓ ለም ዝምልከት ቃል ኣስሚዓ።

*መጋቢት* 2005፡- ሰበስልጣን ኤርትራ ብርክት ዝበለ ቍጽሪ ዘለዎም ዜጋታት ኣብ ዋዝንተት፣ ከባቢ ከረን ኣሲሩ። ካብቶም ኣብ መንጎኦም ዝርከቡ ኣስማቶም ክንረኽቦም ዝኸኣልና እሱራት፣ መሓመድ ዓሊ መሓመድ ኑር መስመር፣ ሓማድ ስዒድ ጅምዕ ሓማድ፣ መሓመድ ዓሊ ኢብራሂም ድራር ሓማድ፣ መሓመድ ዓሊ ሓምድ ሱሌማን፣ ያሲን ፍካክ በርዒዳይ ኢዮም።

1 *ሚያዝያ* 2005፡- ኣብ ከባቢ ከሰላ ዝርከብ ብተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ዝመሓደር ቤት ትምህርቲ ወዲ ሸሪፈይ ናይ 2004-2005 ዓመታዊ ትምህርቲ፣ ብጻይ ጅምዕ ኣሕመድ፣ ሓላፊ ቤት ጽሕፈት ሕብረተ-ሰብኣዊ ጕዳያትን፤ ብጻይ ሲራክ ዘመንፈስ ወኪል ማሕበር ምሕዝነት ቀይሕ መስቀልን ወርሕን ኤርትራን፤ ወከልቲ ካቶሊካዊት ቤተ ክርስትያንን ወለድን ዕዱማት ሱዳናውያንን ኤርትራውያንን ኣብ ዝተረኽብሉ ብክብ ዝበለ ድምቀት ከቢሩ ውዒሉ።

2 *ሚያዝያ* 2005፡- ኣብ ሰለስተ ሃገራት ስካንዲናቭያ፣ ማለት ኣብ ሽወደን፣ ደንማርክ፣ ኖርወይ ዝቕመጡ ኣባላት ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ኣብ ከተማ ዮንሾፒን ሰሚናር ኣካይዶም። ከምዚ ዝኣመሰለ ሰሚናር ኣብ ሃገራት ስካንዲናቭያ ንመጀመርያ ግዜ ኢዩ ዝካየድ ዘሎ። ከምኡ ውን ኣብዚ ዕ ለትዚ፣ ቍጽሮም ዘይተፈልጠ ኣባላት ሓይሊ ባሕሪ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኣብ ጅዛን፣ ስዑዲ ዓረብ ኢዶም ሂቦም።

ጨንፈር ዋሺንግተን ዲሲን ከባቢኡን ንምምስራት ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ዝድግፍ መግለጺ ኣውጺኡ።

5-12 *ሚያዝያ* 2005፡- ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን መቐጸልታ ናይ ቀዳማይ ስሩዕ ኣኼባኡ ኣካይዱ።

12 *ሚያዝያ* 2005፡- ኣብ ኵንስላድ፣ ኣውስትራልያ ዝርከቡ ግዱሳት ኤርትራውያን "ኤርትራዊ ምንቅስቓስ ንሰላምን ፍትሕን" ኣብ ትሕቲ ዝብል ጽላል ተጠርኒፎም፣ ሰላማዊ ሰልፊ ኣካይዶም። ከምኡ ውን፣ ነዚ ሰላማዊ ሰልፊዚ ዝምልከት ጋዜጣዊ መግለጺ ኣውጺኦም።

13 *ሚያዝያ* 2005፡- ኣብ ርያድ፣ ስዑዲ ዓረብ፣ ዝርከቡ ኣባላት ተቓወምቲ ውድባት ኤርትራ ደገፎም ንምምስራት ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ገሊጾም።

16 *ሚያዝያ* 2005፡- ሓው ሑሴን ኸሊፋ ዝመርሖ፣ ሰለስተ ኣባላት ፈጻሚት ቤት ጽሕፈት እተሳተፍዎ ሰሚናር ናይ ካድራት ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ኣብ ኣዲስ ኣበባ ተኻይዱ።

21 ሚያዝያ 2005፡- “ድምጺ ዲሞክራስያዊ ኪዳን” ካብ ሰዓት 6-7 ድሕሪ ቀትሪ ኣብ 25፣ 31፣ 41፣ ሚተር ባንድ ሓጺር ማዕበል፤ ከምኡ ውን፣ ኣብ 303፣ 909 ማእከላይ ማዕበል ናይ ረድዮ ፈነወኡ ጀሚሩ።

ሚያዝያ፡- ተኽሉ ዑቕባሚካኤል እተባህለ ዲፕሎማት ስርዓት ኤርትራ ኣብ ኣውስትራልያ ዑቕባ ሓቲቱ።

30 ሚያዝያ 2005፡- መንነቶም ዘይተፈልጠ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ዘዋፈሮም ጉጅለታት፣ ኣብ መንጐ ዓቡዳን ወደልሕለውን ኣብ ዝርከብ ቦታታት ኣብ ልዕሊ ሓንቲ ናይ ቀይሕ ወርሒ መኪና ዝፈነውዎ መጥቃዕቲ 7 ሰላማውያን ሱዳናውያን ክሞቱ እንከለዉ፣ ዓብዱ ስዒድ እተባህለ ኤርትራዊ ዋርድያ ድማ ብህይወቱ በቶም ኣጥቃዕቲ ናብ መሬት ኤርትራ ተወሲዱ።

1 ግንቦት፡- ኣህጉራዊ መዓልቲ ሰራሕተኛታት ዓለም

4 ግንቦት 2005፡- ኣቦ መንበር ፈጻሚ ሽማግለ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፣ ብጻይ ስዩም ዑቕባሚካኤል ዝመርሖ፥ ብጻይ ወልደሱስ ዓማር፣ ምኽትል ሓላፊ ቤት ጽሕፈት ኣህጉራዊ ዝምድናታትን፥ ብጻይ ሃይለ ገብሩ፣ ወኪል ውድብ ኣብ ኣውስትራልያ ዝኣባላቱ ልኡኽ፣ ኣብ ከተማ መልበርን፣ ኣውስትራልያ፣ ህዝባኢ ኣኼባ ኣካይዱ።

5 ግንቦት 2005፡- ኣቦ መንበር ፈጻሚ ሽማግለ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፣ ብጻይ ስዩም ዑቕባሚካኤል ዝመርሖ፥ ብጻይ ወልደሱስ ዓማር፣ ምኽትል ሓላፊ ቤት ጽሕፈት ኣህጉራዊ ዝምድናታትን፥ ብጻይ ሃይለ ገብሩ፣ ወኪል ውድብ ኣብ ኣውስትራልያ ዝኣባላቱ ልኡኽ፣ ኣብ ከተማ ፐርስ፣ ኣውስትራልያ፣ ህዝባዊ ኣኼባ ኣካይዱ።

8 ግንቦት 2005፡- ብጻይ ኣሰፋው በርሀ፣ ሓላፊ ቤት ጽሕፈት ስርዒታዊ ጉዳያት ዝመርሖ ናይ ህዝብን ናይ ኣባላትን ኣኼባታት ኣብ ከተማ ኦስሎ፣ ኖርወይ ተኻይዱ።

9 ግንቦት 2005፡- ኣህጉራዊ ኮንፈደረሽን ናይ ንቓባዊ ማሕበራት፣ ተወልደ ገብረመድህንን ምናሰ ዓንደጽዮንን ሃብቶም ወልደሚካኤልን እተባህሉ ሰለስተ ኤርትራውያን መራሕቲ ንቓባት፣ ብጸጥታዊ ትካላት ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኢሳያስ ተጨውዮም ኣብ ቤት ማእሰርቲ ከምዝርከቡን፤ ምስ ጠበቓታቶም ይኹን ምስ ስድራቤቶም ናይ ምርኻብ ዕድል ከም ዘይብሎምን ኣቃሊዑ።

11 ግንቦት 2005፡- “መደበር ሶይራ ንሰብኣዊ መሰላት” እተባህለ ማሕበር፣ ካብ 22 ክሳዕ 31 መጋቢት፣ 16 ደቂ ኣንስትዮ ዝርከባኦም ኣብ መንጎ 16-25 ዝዕድሚኦም 448 ተመሃሮ ኤርትራውያን ናብ ሱዳን ከምዝኣተዉ ኣጋሊጹ።

ከምኡ ውን፡ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኤርትራ፡ ዘይመንግስታዊ ትካላትን ናይ ረዲኤት ማሕበራትን ንህዝቢ ኤርትራ ንዝልግስኦ ረዲኤት ቀረጽ ክኸፍላሉ ዝገብር ሓድሽ ሕጊ ኣውጺኡ።

14 ግንቦት 2005፡- ብጻይ ኣሰፋው በርሀ፡ ሓላፊ ቤት ጽሕፈት ስርዒታዊ ጒዳያት ዝመርሖ ናይ ህዝብን ናይ ኣባላትን ኣኼባታት ኣብ ከተማ ለንደን፡ ዓዲ እንግሊዝ ተኻይዱ።

14 ግንቦት 2005፡- ኣቦ መንበር ፈጻሚ ሽማግለ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፡ ብጻይ ስዩም ዑቕባሚካኤል ዝመርሖ ሓያሎይ ሰዓታት ኣኼባ ናይ ሓለፍቲ ጨናፍር ዞባ ጀርመን ኣብ ኤርትራዊ ማእከል ኣብ ፍራንክፈርት ተኻይዱ።

ግንቦት 2005፡- ኣቦ መንበር ፈጻሚ ሽማግለ፡ ብጻይ ስዩም ዑቕባሚካኤል ዝመርሖ ህዝባዊ ኣኼባ ኣብ ሆላንድ ተኻይዱ።

20 ግንቦት 2005፡- ሓው ኣድሓኖም ገብረማርያም፡ ምኽትል ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳንን፤ ሓው ተስፋይ ወልደሚካኤል (ደጊጋ) ወኪል ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ኣብ ኣመሪካን ዝርከብዎ ልኡኽ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ምስ ቤት ጽሕፈት ወጻኢ ዝምድናታት ሕቡራት ሃገራት ኣመሪካ ርኽክባት ኣካይዱ።

24 ግንቦት 2005፡- መበል 44 ዓመት ናጽነት ኤርትራ፡ ኣብ ሱዳን፡ ሽወደን፡ ጀርመን፡ ስዊዘርላንድ፡ ዓዲ እንግሊዝ፡ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካን ኣውስትራልያን ብክብ ዝበለ ድምቀት ተኸቢሩ።

26 ግንቦት 2006፡- ሓው ኣሕመድ ናስር፡ ሓላፊ ቤት ጽሕፈት ወጻኢ ጒዳያት ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን፡ ኣብ ፍራንክፈርት ምስ ወከልቲ ውድባት ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ኣኼባ ኣካይዱ።

27 መጋቢት 2005፡- መግለጺ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ብኣጋጣሚ መበል 44 ዓመት ናጽነት ኤርትራ።

30 ግንቦት 2005፡- ኣቦ መንበር ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን፡ ሓው ሑሴን ኸሊፋ፡ ምስ 90 ዝኾኑ ካድራት ተቓወምቲ ውድባት ኣብ ከሰላ ኣኼባ ኣካይዱ።

3 ሰነ 2005፡- ኣቦ መንበር ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን፡ ሓው ሑሴን ኸሊፋ፡ ምስ ዓበይቲ ዓድን ነጋዶን መራሕቲ ሃይማኖትን ኣብ ከሰላ ኣኼባ ኣካይዱ።

11 ሰነ 2005፡- ሓላፊ ቤት ጽሕፈት ወጻኢ ጒዳያት ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን፡ ሓው ኣሕመድ ናስር፡ ናይ ህዝብን ኣባላት ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ካድራት ኣኼባታትን፤ ከምኡ ውን ምስ ሰበስልጣን ሆላንድ ርክብ ኣካይዱ።

15 ሰነ 2005፡- ልኡኽ ውድብና፡ ኣብቲ ብዶክተር ብርሃን ኣሕመድ እተዳለወ፡ ምሁራትን ጋዜጠኛታትን ናይ ኤሚግረሽንን ናይ ወጻኢ ጕዳያትን ሰበስልጣን ኣውስትራልያ እተሳተፍዎ ሰሚናር ተኻፊሉ።

15 ሰነ 2005፡- ተኽለ ገብረገርግስን ሳሙኤል ገብረገርግስን እተባህሉ ክልተ ኣሕዋት፡ ነቲ ስርዓት ኢሳያስ ዝፍጽሞ ዘሎ ግህሰታት ብሓፈሻ፤ ንኹነታት ናይ ፖለቲካን ናይ ሕልና እሱራትን ድማ ብፍላይ ኣህጕራዊ ማሕበረሰብ ኣቓልቦ ኽገብረሉ ንምድፍፋእ፡ ካብ ጀነቫ ስዊዘርላን ናብ ሮማ 1200 ኪሎ ሚትር ዝርሕቀቱ ናይ እግሪ ጕዕዞ ጀሚሮም።

17 ሰነ 2005፡- ሓው ኣሕመድ ናስር፡ ሓላፊ ወጻኢ ጕዳያት ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን፡ ኣብ ለንደን ምስ ወከልቲ ውድባት ኪዳን ኣኼባ ኣካይዱ።

18 ሰነ 2005፡- ሓው ኣሕመድ ናስር፡ ሓላፊ ወጻኢ ጕዳያት ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን፡ ምስ ወከልቲ ውድባት ኪዳንን፤ ምስ ኣባላት ቦርድ ኤርትራውያን ንሰብኣዊ መሰላትን፤ ምስ ኣባላት ስኒት ፎረምን ኣብ ለንደን ኣኼባ ኣካይዱ።

19 ሰነ 2005፡- ሓው ኣሕመድ ናስር፡ ሓላፊ ቤት ጽሕፈት ወጻኢ ጕዳያት፡ ሰፊሕ ናይ ህዝቢ ኣኼባ ኣብ ለንደን ኣካይዱ።

ሰነ 2005፡- ብሓው መሓመድ ጣህር ሸንገብ፡ ሓላፊ ቤት ጽሕፈት ህዝባዊ ጕዳያት ዝምራሕ፡ ሓው ተስፍሁነይ መስፍን ዝኣባሉ ልኡኽ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ኣብ ካርቱምን ገዳርፍን ከሰላን ፖርትሱዳንን ዑደት ብምክያድ ጨናፍር ኪዳን መስራቱን መምርሒታት ኣስኒቑን።

16 ሰነ 2005፡- ብኣቦ መንበር ፈጻሚ ሽማግለ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ብጻይ ስዩም ዑቕባሚካኤል ዝምራሕ ልኡኽ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፡ ኣብዚ ዕለትዚ፡ ኣብ ኣውስትራልያ ምስ ዝርከቡ ወከልቲ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ተራኺቡ ዓሚቝ ምይይጥ ኣካይዱ።

18 ሰነ 2005፡- ኣቦ መንበር ፈጻሚ ሽማግለ፡ ብጻይ ስዩም ዑቕባሚካኤል ዝመርሖ፡ ብጻይ ኣሰፋው በርሀ፡ ሓላፊ ቤት ጽሕፈት ስርርዓዊ ጕዳያትን፡ ብጻይ ብርሃነ ተስፋጋብር፡ ሓላፊ ቤት ጽሕፈት ምጣነ-ሃብታዊ ጕዳያትን እተሳተፍዎ ህዝባዊ ኣኼባ ኣብ ከተማ ፍራንክፈርት፡ ጀርመን ተኻይዱ።

25 ሰነ 2005፡- ን26 ሰነ፡ ኣህጕራዊ መዓልቲ ጸረ ናይ ምስቓይ ተግባራት ኣመልኪቱ መደበር ሰይራ ንሰብኣዊ መሰላት መግለጺ ኣውጺኡ።

25 ሰነ 2005፡- ሓው ኣሕመድ ናስር፡ ሓላፊ ቤት ጽሕፈት ወጻኢ ጕዳያት ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ኣብ ሽወደን ምስ ወከልቲ ውድባት ኪዳን ርክብ ኣካይዱ።

**26 ሰነ 2005፡-** ናይ ሱዳን ሚኒስተር ወጻኢ ጉዳያት፡ መስጣፋ ዑስማን እስማዒል፡ ኤርትራ ኣብ ውሽጣዊ ጉዳያት ናይ ሱዳን ንእትገብሮ ዘላ ምትእትታው ኣመልኪቱ፡ ናብ ዋና ጽሓፊ ሕቡራት ሃገራትን ናብ ፈረንሳዊ ኣቦ መንበር ባይቶ ጸጥታን ወግዓዊ ክሲ ኣቕሪቡ።

**25-26 ሰነ 2005፡-** ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ማሕበር፡ ምስ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ብምትሕብባር፡ ኣብ ዋሺንግተን ስያትል ካልኣይ ዓመታዊ ፈስቲቫል ኣካይዱ። ኣብዚ ፈስቲቫልዚ ኣባላት ናይ ኣመሪካ ኮንግረስ፡ ናይ ከተማ ሊንውድ ከንቲባ፡ ተጣበቕቲ ሰብኣዊ መሰላትን ካልኦት ዕዱማት ኣመሪካውያንን፤ ከምኡ ውን ብርክት ዝበለ ቍጽሪ ዘለዎም ኤርትራውያን ተሳቲፎም። ብጻይ ስዩም ዑቕባሚካኤል፡ ኣቦ መንበር ፈጻሚ ሽማግለ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ውን፡ ኣብዚ ፈስቲቫልዚ ብምርካብ ቃል ውድብ ኣስሚዑ።

**30 ሰነ 2005፡-** ኣብ ከተማ ሰንዓ፡ የመን፡ ኣብዚ ዕለትዚ እተዛዘመ ባይቶ ሚኒስተራት እስላማዊ ጉባኤ፡ ኤርትራ ኣብ ሱዳንን ጐረባብቲ ሃገራትን ንእትገብሮ ዘላ ምትእትታው ኰኒኑ።

**ሓምለ 2005፡-** ብጻይ ስዩም ዑቕባሚካኤል፡ ኣቦ መንበር ፈጻሚ ሽማግለ፡ ኣብ ኦክላንድ፡ ኒውዮርክ፡ ዋሺንግተን ዲሲ፡ ቺካጎን ዋሺንግተን ስያትልን ናይ ህዝቢ ኣኼባ ኣካይዱ።

**ሓምለ 2005፡-** ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፡ ምኽንያት ሃንደበታዊ ሞት ኮለነል ጆን ገረንግ፡ ቀዳማይ ምኽትል ፕረሲደንት ሪፑብሊካዊት ሱዳን፡ ናይ ሓዘን መግለጺ ናብ መንግስትን ህዝብን ሱዳን ኣመሓላሊፉ።

**3 ሓምለ 2005፡-** ሓው ኣሕመድ ናስር፡ ሓላፊ ቤት ጽሕፈት ወጻኢ ጉዳያት ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ኣብ ቡ-ሰንትሩም እተባህለ ቦታ ኣብ ሽወደን ናይ ህዝቢ ኣኼባ ኣካይዱ።

**9 ሓምለ 2005፡-** ባይቶ ፎረም ኤርትራውያን ስደተኛታት፡ ኣብ ከተማ ገዳርፍ፡ ሱዳን ካልኣይ ስሩዕ ኣኼባኡ ኣካይዱ።

**13 ሓምለ 2005፡-** ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን፡ ንሓምሳ መዓልታት ዝቐጸለ ናይ ዜና ኮርስ ዝወሰዱ ካድራት ኣብ ካርቱም ኣመረቑ። ሓው መንግስተኣብ ኣስመሮም፡ ሓላፊ ቤት ጽሕፈት ዜና ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ኣብቲ ናይ ምምራቕ ስነ-ስርዓት ተሳቲፉ ናይ ምትብባዕ ቃል ኣስሚዑን፤ ንሰልጠንቲ ድማ ናይ ምስክር ወረቐት ዓዲሉ።

**27-31 ሓምለ፡-** ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ቀዳማይ ፈስቲቫሉ ኣብ ከተማ ካሰል፡ ጀርመን ኣካይዱ።

28 ሓምለ 2005፡- ኣምነስቲ ኢንተርናሽናል ነቲ ስርዓት ኣስመራ ካብ 15 ሓምለ ኣትሒዙ ዘካየዶ መጠነ ሰፊሕ ግፋ ኰኒኑ። ብተወሳኺ፡ ነቲ ኣብ ልዕሊኦም ዝፍጸም ዘሎ ሰብኣዊ ግህሰታት ኣቃሊዑ። ናብ ሰበስልጣን ኤርትራ ውን ተቓውሞኡ ዝገልጽ መዘክር ኣቕሪቡ።

30 ሓምለ 2005፡- ብጻይ ስዩም ዑቕባሚካኤል፡ ኣቦ መንበር ፈጻሚ ሽማግለ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፡ ናብ ኮፊ ኣናን፡ ዋና ጸሓፊ ሕቡራት ሃገራት መዘክር ኣቕሪቡ። ትሕዝቶ ናይቲ መዘክር፡

1. ነቶም ወለዶም ስለእተገፉ፡ ንሓደጋ ተሳጢሖም ዘለዉ ሕጻናት ህጹጽ ሰብኣዊ ረዲኤት ክግበረሎም፤
2. ጠንቂ ናይቶም ኣብ ዊዓ እተረሸኑ፤ ናይቶም ተኣሲሮም ዘለዉ ወለድን ምርመራ ክካየድ፤
3. ንዲክታቶርያዊ ስርዓት ኣስመራ ኸኾንንን ንዝፍጽሞ ዘሎ ሰብኣዊ ግህሰታት ክተሓሳሰቦን፤
4. እቶም ልዕሊ 1000 ዝኾኑ ኣብ ማእሰርቲ ዝርከቡ ኣቦታትን ኣዴታትን ብህጹጽ ክፍትሑ ዝጽውዕ ነበረ።

ቅዳሕ ናይዚ መዘክርዚ ድማ፡ ናብ ፓርላማ ኣውሮጳን ላዕለዋይ ኮሚሽን ስደተኛታት ሕቡራት ሃገራትን ተላኢኹ።

30 ሓምለ 2005፡- ናይ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ማሕበር ጨንፈር ኖርወይ፡ "ናይ ሎሚ ስኒታዊ ቃልስና፡ እምነ-መሰረት ናይ ጽባሕ ህዝባዊ ሓድነትና"፤ ከምኡ ውን፡ "ኣንጻር፡ ዲክታቶርያዊ ስርዓት፡ ተሳኒናን ጸኒዕናን ንቃለስ" ኣብ ትሕቲ ዝብሉ ድርብ ጭርሖታት ዕዉት ጉባኤኡ ኣካይዱ።

1-10 ነሓሰ 2005፡- ዓሰርተው ክልተ ካድራት ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን፡ ንክልተ ቅነ ዝቐጸለ ናይ ዜና ኮርስ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ወሲዶም።

5-7 ነሓሰ 2005፡- ብጨናፍር ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ኣብ ኣውሮጳ እተዳለወ፡ መበል 20 ዓመት ፈስቲቫል ኢርትራ፡ "ዲሞክራሲ፡ ሰላም፡ ፍትሒ፡ ማዕርነት ኣብ ሃገርና ንኽነግስ ንዲክታቶርያዊ ስርዓት ሓቢርና ነልግስ" ኣብ ትሕቲ ዝብል ጭርሖ፡ ኣብ ከተማ ፍራንክፈርት ብክብ ዝበለ ድምቀት ተጸንቢሉ። ወይዘሮ ሄልጋ ናግል፡ ተወካሊት ምምሕዳር ፍራንክፈርት፡ ብስም ከንቲባ እታ ከተማ፤ ከምኡ ውን፡ ሚስተር ፌሰር፡ ናይ ቤተክርስትያን ሮተርዳም ቀሽን ኣመሓዳሪን፤ ናይ ቀይሕ መስቀልን ወርሕን ኤርትራ ናይ ነዊሕ እዋን ተሓባባሪ ናይ ደገፍ ቃል ኣስሚዖም። ብጻይ ኣርሀ መሓመድ ናካ ውን፡ ንፈደራላዊ ዲሞክራስያዊ ምንቅስቓስ ኤርትራ ወኪሉ፡ ናይ ደገፍ መግለጺ ሂቡን ዕላማታት ውድቡ ኣብሪሁን። ቀጺሎም፡ ኣቶ ዮውሃንስ ኪዳነ ካብ ማሕበር ጸረ ኣስገዳድ ዕስክርናን፤ ኣቲ ኪዳነ ግርማይን ብዛዕባ ጒድኣታት ኣስገዳድ ዕስክርናን ሕማም ኣይድስን ጠቓሚ ኣስተምሮ ሂቦም። ከምኡ ውን፡ ሃብቶም ዮሃንስ፡ ሙሴ ሰመረ፡ ኣንቶንዮ ተስፋይን ወልደሱስ ዓማርን ምሁራዊ መደረ ኣስሚዖም።

ኣብ ርእሲ.ዚ፡ ካብ ወኪል ዴሳው ሰልፊን ካብ ዝተፈላለዩ ጨናፍር ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶን እተላእኩ ናይ ደገፍ መልእኽትታት ተነቢቦም። ማሕበር ኣካለ ጽጉማን ኤርትራ ውን፡ ናይ ማሕበሩ ዕላማታትን ናይ ኣባልነት ሕግታት ናይቲ ማሕበር ንጥፈታትን ኣመልኪቱ ሰፊሕ መብርሂ ሂቡ። ብጻይ ስዩም ዑቕባሚካኤል፡ ኣቦ መንበር ፈጻሚ ሽማግለ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፡ ኣብዚ ፌስቲቫልዚ ብምስታፍ፡ ናይ ዓውት ስትራጂና ብዝብል ኣርእስቲ ሰፊሕ መግለጺ ኣቕሪቡ።

ወናማት ሙዚቀኛታትን ደርፍትን ሑሴን መሓመድ ዓሊ፡ ኢሳይስ ኣስፍሃ፡ ተመስገን ኣብርሃ ሳሙኤል ጠዓመ፡ መብራህቱ ወልዳይ፡ ሳሙኤል በረኸትን ሰሚራ ኣስመላሽን ነቲ ጽንብል ተጀሚሩ ክሳዕ ዝውዳእ ብድምቀት ኣሰንዮሞ ቀንዮም።

19 ነሓሰ 2005፡- ኤርትራውያን ተቓወምቲ ስርዓት ኤርትራ ኣብ ለንደን፡ ኣብ ቅድሚ ኤምባሲ ስርዓት ኤርትራ ሰላማዊ ሰልፊ ኣካይዶም።

10 መስከረም 2005፡- ዞባ ጀርመን ንዝኽሪ መበል 44 ዓመት ምጅማር ብረታዊ ተጋድሎ ህዝቢ ኤርትራ ብክብ ዝበለ ድምቀት ኣኽቢሩ ውዒሉ።

11 መስከረም 2005፡- ጨንፈር ቶሮንቶ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ዕዉት ጉባኤኡ ኣካይዱ።

15-24 መስከረም 2005፡- ማእከላይ መሪሕነት ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን፡ ካልኣይ ስሩዕ ኣኼባኡ ኣብ ካርቱም ኣቃኒዑ።

24 መስከረም 2005፡- መበል 44 ዓመት ዝኽሪ ምጅማር ብረታዊ ተጋድሎ ህዝቢ ኤርትራ፡ ኣብ ሮተርዳም፡ ሆላንድ ብክብ ዝበለ ድምቀት ተጸንቢሉ።

30 መስከረም 2005፡- ጨንፈር ካርቱም ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ኣብ ክበብ ሓደ መስከረም ድሙቕ ምሸታዊ ትልሂት ኣዳልዩ።

4 ጥቕምቲ 2005፡- ስርዓት ኢሳያስ፡ ሀሊኮፕተራት ዓቃቢ ሰላም ሕቡራት ሃገራት ኣብቲ ካብ ወተሃደራዊ ምንቅስቓስ እተሓዝአ ክልታት ከይበራ ኣጊዱ።

10 ጥቕምቲ 2005፡- ብዓብደላ ጃብር ዝምራሕ ልኡኽ ዲክታቶርያዊ ስርዓ ት ኤርትራ፡ ዝምድናታቱ ምስ ሱዳን ንምምሕያሽ ኣብ ሱዳን ዑደት ጀሚሩ።

17-21 ጥቕምቲ 2005፡- ሻዱሻይ ስሩዕ ኣኼባ ፈጻሚ ሽማግለ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ኣብ ካርቱም ተኻይዱ።

6 ሕዳር 2005፡- ጨንፈር ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ዓዲ እንግሊዝ ሰሚናር ኣካይዱ።

14 ሕዳር 2005፡- መራሕትን ወከልትን ተቓወምቲ ውድባት ኤርትራን ሱዳናውያን ጠበቓታትን ኤርትራውያንን ሱዳናውያንን ጋዜጠኛታትን ኣብ እተሳትፍሉ ጽንብል፣ ብመደበር ሰይራ እተዳለወ ቀዳማይ ጸብጻብ ሰብኣዊ መሰላት ብወግዒ ተዘርጊሑ።

17-19 ሕዳር 2005፡- ወተሃደራዊ ሰሚናር፣ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ኣብ ከተማ ሽረ፣ ኢትዮጵያ ተኻይዱ።

19 ሕዳር 2005፡- ዞባ ጀርመን ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፣ ኣብቲ ኣብ ፍራንክፈርት ዝርከብ "ኤርትራዊ ማእከል" ምስ ኤርትራውያን መንእሰያትን ፍሉይን ፍርያምን ኣኼባ ኣካይዱ።

25 ሕዳር 2005፡- ጨንፈር ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ካርቱም፣ ፍሉጣት ጋዜጠኛታትን ተጣበቕቲ ሰብኣዊ መሰላትን ተመራመርትን መደረ ዘቕረብሉን ብርክት ዝበለ ቊጽሪ ዘለዎም ካድራት ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን እተሳተፍሉን ሰሚናር ኣካይዱ።

5 ታሕሳስ 2005፡- ስርዓት ኢሳያስ፣ ናይ ኣመሪካን ካናዳን ሕብረት ኣውሮጳን ሩስያን ዜጋታት ዝኾኑ ኣባላት ዓቃቢ ሰላም ኣብ ውሽጢ 10 መዓልታት ካብ ኤርትራ ክወጹ ትእዛዝ ኣመሓላሊፉ። በዚ ውሳኔዚ መሰረት 180 ዝኾኑ ኣባላት ዓቓቢ ሰላም ናብ ኢትዮጵያ ክሰግሩ ተገዲዶም።

8 ታሕሳስ 2005፡- ጸጥታዊ ትካላት ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኣስመራ፣ ንኢሳያስ ክቓትሉ ሓሲቦም ብዝብል ምስምስ ልዕሊ 120 ዝኾኑ ኤርትራውያን ኣሲሮም።

10 ታሕሳስ 2005፡- ኣብ ምምሕዳር ሀሰን ዝርከብ ጨንፈር ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ማሕበር ዞባ ጀርመን ዕዉት ጉባኤኡ ኣሰላሲሉ።

11 ታሕሳስ 2005፡- ጨንፈር ኣዲስ ኣበባ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፣ መስራቲ ጉባኤኡ ብዓወት ዛዚሙ።

7-12 ታሕሳስ 2005፡- ብጻይ ተኽለ መለኪን፣ ምኽትል ኣቦ መንበር ፈጻሚ ሽማግለን፤ ሓላፊ ቤት ጽሕፈት ኣህጉራዊ ዝምድናታትን ዝመርሖ፣ ብጻይ ኣሰፋው በርሀ፣ ሓላፊ ቤት ጽሕፈት ስርርዓዊ ጉዳያት፤ ብጻይ ወልደሱስ ዓማር፣ ምኽትል ሓላፊ ቤት ጽሕፈት ኣህጉራዊ ዝምድናታት፤ ብጻይ መሓሪ ተስፋማርያም፣ ወኪል ማሕበር ቀይሕ መስቀልን ወርሕን ኤርትራ ኣብ ኣውሮጳ ዝኣባላቱን ልኡኽ፣ ኣብ ሆላንድ ምስ ሰበስልጣን ሚኒስትሪ ወጻኢ ጉዳያትን፥ ምስ ዓበይቲ ፓርትታት ዝውክሉ ፓርሊያመንታዊ ኮሚቴታትን፥ ምስ ሰብኣውያንን ንዲሞክራሲ ዝጣበቓ እተፈላለያ ማሕበራት ሰፊሕን ፍርያምን ርክባት ኣካይዱ።

**16-17 ታሕሳስ 2005፡-** ኣሰናዳኢት ሽማግለ ናይ ካልኣይ ጠቕላላ ጉባኤ ፎረም ኤርትራውያን ስደተኛታት፡ ኣኼባኣ ኣካይዳ። ንዘሰላሰለት ስርሓት ዝገልጽ ኣዋጅ ውን ኣውጺኣ።

**17 ታሕሳስ 2005፡-** ሓርበኛ ተጋዳላይ ስዩም ዑቕባሚካኤል፡ ኣቦ መንበር ፈጻሚ ሽማግለ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፡ ብሕማም ልቢ ብሃንደበት ኣብ ሆስፒታል ቤተዛታ፡ ልክዕ ሰዓት 11 ቅድሚ ቀትሪ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ዓሪፉ።

ኣብዚ ዕለትዚ፡ ዞባ ጀርመን፡ ንዝኸሪ ሰማእታት ኤርትራ፡ ኣብ ፍራንክፈርት ኣብ ዝርከብ ኤርትራዊ ማእከል ዘኪሩ ውዒሉ።

**23-25 ታሕሳስ 2005፡-** ኣብ መልበርን ኣውስትራልያ ዝርከቡ ኤርትራውያን ጸረ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኤርትራ ሰፊሕ ሰላማዊ ሰልፊ ኣካይዶም።

**28-29 ታሕሳስ 2005፡-** ራብዓይ ዙር ርክብ መራሕቲ ሰንዓ ፎርም ንምትሕግጋዝ ኣብ ከተማ ዓደን፡ የመን ተኻይዱ። ሶማልያ፡ ንመጀምርያ ግዜ ኢያ ኣብ ኣኼባ ናይዘን ሃገራት እዚኣተን ተሳቲፋ።

**30 ታሕሳስ 2005፡-** ስዉእ ሓርበኛ ተጋዳላይ ስዩም ዑቕባሚካኤል፡ ኣቦ መንበር ፈጻሚ ሽማግለ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፡ ብርክት ዝበሉ ካብ ኵሉ ኵርንዓት ናይ ዓለም ዝመጹ ኣባላት መሪሕነትን መሰረታትን ተቓወምቲ ውድባትን ኤርትራውያን ዜጋታትን ከምኡ ውን ሰበስልጣንን ዜጋታትን ሆላንድ ኣብ ዝተሳተፍሉ ናይ ቀብሪ ስነስርዓት፡ ኣብ ከባቢ ሮተርዳም እትርከብ ከተማ ፍላርዲንገን፡ ብክብ ዝበለ ክብሪ ሓመድ ኣዳም ለቢሱ።

**27-31 ታሕሳስ 2005፡-** ግንባር ሃገራዊ ድሕነት፡ ኣብ መንጐ ውድባቱ ናብ ምጽንባራዊ ሓድነት ዘብጽሕ ጻዕርታት ንምምልእ፡ መሪሕነታዊ ዋዕላ ኣካይዱ።